ሰማእታትና ኣብ ኣሰርኩም ረጊጽና
ሕድርኹም ከነጽንዕ ኢና !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ መሰሉን ናጽነቱን ብናይ ዓለም ገበትቲ ሓያላን ምስ ተመንዘዐን ብዘይ ድሌቱ ምስ ምስ ካብ ኡ ብደረጃ ምዕባሌኦም ትሕቲኡ ዝኾኑ ኮራኹር መጋበርያኦም ዝኾነት ሃገር ክቑረን ክጉበጥን ምስ ተበየነ ናጽነቱ ንምምላስ ካልእ ኣማራጺ መንገዲ ክጥቀም ናይ ግድን ነበረ ። ህዝቢ ኤርትራ ነዛ መንቀራቕሮ ዝኣተወት ነጻነቱ ዘላቶ ሓንቲ ኣማራጺት መንገዲ ብረት ዓጢቑ ደሙ ኣፍሲሱ ኣዕጽምቱ ሸውሕዋሕ ኣቢሉ ምምጻእ ጥራይ ነበረት። መንእሰይ ኤርትራ ተማሃራይ ትምህርቱ፣ ሓረስታይ ዝጸመዶም ኣብዑሩ ጠንጢኑ ሸቃላይ ስርሑ ራሕሪሑ ናብ መዓዲ ቃልሲ ወሓዘ። ቃልሱ ክጅምር ከሎ ኣብ ህዝቡ እምበር ኣብ ማንም ኣይተኣማመነን፣ ማንም ኣጆኻ ዝብሎ ሃገር ይኹን መንግስቲ ኣይነበረን። ብረት ዘዕጥቖ ማንም መንግስቲ ኣይነበረን። ምስ ኩሉ ጥምየትን ጽምእን ዕርቃንን መውጋእትን መቕሰልትን ዕጅብ ከይበሎ መንእሰይ ኤርትራ ቃልሱ ኣሓየለን ንጸላኢ እናሓማሸሸ ቃልሱ ቀጸለ። ቃልሲ ክበሃል ሕሰምን መከራን ዝመልአ ብቓላት ክግለጽ ዘይከኣል እዩ። ሰውራና ህዝቢ ከም ባሕሪ ተጋዳላይ ከም ዓሳ ኮይኖም ስለ ዝተቓለሱ ንጸላእትና እንተላይ ናይ ዓለም ርእሰ ሓያላን ሰዓብቶምን ዕጥቅን ስንቅን ሓገዝ ኣሰንዮም እንተ መጹ ሓማሺሹ ብረቶም ዕጥቆምን መንዚዑ ከም ቆጽሊ እናርገፈ ንሰላሳ ዓመታት ተቓሊስዎም እዩ። እወ በዓል ሸደን ወደምበሳ በዓል ዋዕሮ ሓራስ ነብሪ ኣብቲ ጽኑዕ መትከሎም ረጊጾም ንሸሾ ሰራዊት ስርዓታት ኢትዮጵያ ሓንሳብ ብኣሜሪካን ሰዓብታን ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋር ዓጢቖም ብሸኮቲ ናይ ኣሜሪካን እናበልዑ ዕማኾ ዘይኣኽሉ ሸፋቱ ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ከነጥፍኦም ኢና እናበሉ ብትዕቢት ተወጢሮም ተሃንዲዶም ክመጹ እንከለዉ መላስ ኣውያት ዘይብሎም ጌርካ እናደማሰስካ ፣ተዓድዮምን ለሚኖምን ዘምጽእዎ ኣጽዋር እናመንዛዕካ ብኡ ከተጥፍኦም ከለኻ ንመንሞ ዘይገረሞ ! ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም ካብ ዝተቐልቀሉ ሓርነታውያን ቃልስታት እቲ ዝመረረን ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ በይኑ ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ንሰላሳ ዓመታት ዘካየዶ መሪር ቃልሲ ኣንጻር እቶም ገዛእትና ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነስ ኣንጻር እተን ክልተ ርእሰ ሓያላን ዓለምና ውን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ በይኑ ብዘይ ናይ ማንም ሓገዝ ንኹሎም ጸላእቱ ሓማሺሹ ነጻነቱ ዝጨበጠ ። እዚ እዩ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዓለም ፍሉይ ዝገብሮ። እዚ ብኸመይ ክኸውን ክኢሉ ኢሉ ንዝሓትት ድማ ህዝቢ ኤርትራ መዘና ኣልቦ ፍቕሪ ሃገር ስለ ዘውንን እዩ እቲ መልሲ። ፍቕሪ ብዘይ እምነት ስምዒት እዩ፣ እምነት ብዘይ ፍቕሪ ከኣ ሕጊ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክቱር ፍቕሪ ሃገር ኣለዎ ክንብል ከለና ኣብ ነንሕድሕዱ ምብህሃግ፣ ምትሕልላይ፣ ምትእምማንን ምጽውዋርን ስለ ዘለዎ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ነቕ ዘይብል ዕላምኡ ክንፈ ኮይኑ ክበርር ኣኽኢልዎ እግሪ ኮይኑ ክጎዩን ጸላእቱ ክሓማሽሽን ንዘይከኣል ክኽእል ኣኽኢልዎ እዩ። እምኒ ኩርናዕ ናጽነትና እምነት እዩ ። ነጻነት ኤርትራ ብዋዛ ፈዛዛ ኣይተረኽበን ከቢድ ዋጋ ተኸፊልዎ እዩ፣ ዓሰርተታ ኣሽሓት ህይወት ተኸፊልዎ

ዓስርተታት ኣሽሓት ኣካሎም ጎዲሎሙሉ እዮም። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብታ ብደም ዝጨቀወት ጥውያ ነጻላ ሰማእታትና ረዚን ሕድሪ ተረኪቡ እዩ፣ ንሱ ድማ ፣ እዛ ክብርትን ሓንሳእ ምስ ጠፍአት ዘይትምለስን ህይወትና ከፊልና ነረክበኩም ዘለና ነጻ ኤርትራ ፣ ብዝረብሑን ዘይረብሑን ጸላእቲ ከይትድፈር ድርዒ ሓጺን ኮይንኩም ሓልውዋ ! እዞም ሎሚ ብብረቶምን ብጥይቶምን ሓዊ ነስኒስና ብምቅጻል ደምሲስና ካብ ሃገርና ርጋጾም ከይተረፈ ጸሪግና ሰጒግናዮም ዘለና ጸላእትና ግዜ ሓልዮም ደልዲልና ኣብ ዝበልሉ እዋን ዳግማይ ክመጽኡናን ክወሩናን ምዃኖም ፈሊጥኩም ፣ ሓይልኹም ብዝተዓጻጸፈ ኣደልዲልኩም ዓይንኹም ሰለም ከየበልኩም ነዛ ሃገር ሓልውዋ ! ኤርትራ ሃገርና ከርሲ መሬታ ወርቂ ክነትዕ፣ ሓይላን ዋልታኣን ዝያዳ ክጸንዕ፣ ኣዳራሻ ፋኑስ ክውለዖ፣ ጸላእታ ደም ክነብዑ ተቐበልቲ ሕድሪ ደቃ ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ክህነጽዋን ክሕልውዋን ኣለዎም ! ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ዝበረኸ እምባ ስቐልዋ ! እዞም ደምና ዘፍሰሱን ዓድታትና ዝቃጸሉን ንህዝብና ብኣረሜናዊ ጭካነ ዝሓረዱ ፈተውትና ክኾኑ እዮም ኢልኩም ኣይትሕሰቡ ኣይትዳህለሉ ! ኣብ ልዕሊ ምድሪ ከለኻ ካብ ጸሓይን ንፋስን ተሓቢእካ ክትነብር ከም ዘይከኣል፣ ጎረቤትና ኢትዮጵያውያን ካብ ኮኑ ድማ ብሰላም ክንነብር ኢልና ክንሓስብ የብልናን፣ኣብዛ ዘለናያ ዓለምንህዝቢ ኤርትራ ብጀካ ኢትዮጵያ ጸላኢ የብሉን፣ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝመጹ መራሕቲምበር ህዝቢ ኢትዮጵያ እንታይ በዲሉና ዝብሉ ናይ ብሃማት ዘረባ ከነቋርጾ ክንክእል ኣለና ! እቶም መንግስታትሲ ካብ ማርስ ወይ ካብ ጁፒተር ድዮም መጺኦም ! ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ደይኮኑን መጺኦም ! ኣብዚ ውሽጢ ሱሳ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ግፍዒ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ንርአ ! ኣይረሳዕናዮን ! ንዘንት ዕለት ውን ኣይክንርስዖን ኢና ! እቲ ዝፈሰሰ ደም ገና ኣይነቐጸን ! እቲ ኣሰር ኣይሃሰሰን ብድሙቑ እዩ ዘሎ ! ብነጻነት ክንነብር እንተ ደኣ ደሊና ምንባር ዝሓተና ዋጋ ክንከፍል ናይ ግድን እዩ ። መንእሰይ ወለዶ ኣፍ ከጽሪ ከሎን መዋእለ ህጻናትን ቀጻሊ ትምህርቱ ከመሃር ከሎ ከም ጸሎት ብዛዕባ ዝሓለፈ ምረት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ዝተኸፍለ መስዋእትን ናይ ኣካል ስንክልናን ብምምሃር ተኾስኲሱ ክዓቢ ኣለዎ።ታሪኽ ኣቦታቱን ኣዴታቱን መበቆሉን ባህሉን ብግቡእ እናተማህረ ክዓቢ ኣለዎ። ታሪኽ ዘይብሉ ወለዶ ከም ሰራውር ዘይብሉ ገረብ እዩ። ኣብ ዓለም ክትነብር እንተ ደኣ ኮይንካ ፈታዊኻን ጸላኢኻን ክትፈልጥ ኣለካ፣ እዚ ባህርያዊ ሕጊ እዩ፣ እዞም ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ደም ዘንብዑና ጸላእትናን ደገፍቶምን ስዕረቶም ፈጺሙ ኣይተዋሕጠሎምን፣ ካብ ጽባሕ ናጽነትና ኣትሒዞም ሽርሕታትን ተንኮላትን ብምፍሓስ ኣብ መወዳእታ ከኣ ካብ ምድረ ገጽ ሓኺኾም ከጥፍኡና ኣብ 1998 ኲናት ወሊዖሙልና እዮም። ከም ዝሓሰብዎ ግን ኣይኮነሎምን በቲ ስሙርን ሓያልን ቅልጽም ኤርትራ ተዳዂኾም ተሪፎም። ድሕርዚ ፍሽለቶም ውን ንዳግማይ ወረራ ክዳለዉ ልዕሊ ዕስራ ዓመታት ሓሊፉ፣ ሕጂ ውን ቀጒጽርና በዚሑ እዩ፣ ዘመናዊ ኣጽዋራትን ነፈርትን ድሮናትን ሚሳይላትን ዓጢቐና ኢና ብገንዘብ ዝዘቐበቡ ሓገዝቲ ረኺብና ኢና እሞ ሎሚ ንኤርትራ ኣዕኒና ክንመልሳ ኢና እናበሉ ክፍክሩን ኣይትሓዙና ክብሉን ይስምዑ ኣለዉ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኲናት ኣዊጆምን ፈኪሮምን ኣይፈልጡን እዮም፣ ንዝፍክሩን ንዝጀሃሩን ምድሳቕን ትሕቲ ምቕባርን ኣይጽግሞምን እዩ። ነቲ ውግእ ኣይንደልዮን ንኸውን፣ እቲምንታይ ብሉጻት ክስውኡና ስለ ዘይንደሊ፣ ውግእ ዝብህጉ እንተ መጺኦሙና ግን መዛግብቲ ታሪኽ ተወከሱ ጥራይ ኢና ንብሎም። ኤርትራ ሃገርና ኣብ ኣፍሪቃ እታ ኣብ ሓድሽ ቅዲ መግዛእቲ ዘይኣተወት እንኮ ሃገር እያ። ስለ ዝኾነት ከኣ ነቶም ገበትቲ ሃገራትን መንግስታትን ሓደገኛ ናይ ጽቡቕ ኣብነት እያ። ኤርትራ እንታይ እዩ እቲ ኣበስኣ፣

ንህዝባ ስለ ዝቐለበት፣ ንህዝባ ነጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ስለ ዝሃበት፣ ንህዝባ ነጻ ሕክምና ስለ ዝሃበት፣ ጽርግያታት፣ ዲጋታት ስለ ዝሃነጸት፣ ንህዝባ ኤለክትሪክን ጽሩይ ዝስተ ማይ ስለዝቐረበት። በዚ ድማ ንኤርትራ ብእግዳታትን ኣብ ከበባ ኣእቲኻ ብቑጠባ ንምርማስ እነሆ ክሳብ ሎሚ ይስርሓሉ ኣሎ። ኣብ ርእስኻ ምኽኣል ዝኣምን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን በዚ ውን ኣይተምበርከኹን ኣይክምብርከኹን ውን ኣዮም። ኣብ ርእሲ እዚ ንክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከጸልሙን ከካፍኡን ዘይሽሙ ክህቡን ይውዕሉ ኣለው። እንታይ ከበዶም ! ንኣድጊ ዘይከበዶስ ንጠይቂ ! እዚ ኣብዚ እዋን እዚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ እንተስ ብውዲ እንተስ ብግዲ ንኤርትራ ደምሲስና ናባና ክንመልሳ እንተ ዘይተኻእለ ከኣ ንዓሰብ ቆሪጽና ክንወስዳ ኢና ዝብል ዘሎ ንዓና ንኤርትራውያን ይገርመና ይኸውን፣ ግን ዕጅብ ኣይብለናን እዩ ! ንፋለጥ ኢናኮ ! ሞታ ዝሓሰበላ ኣንጭዋስ ኣፍንጫ ድሙ ትሸትት ! ዝብልኹም ከምዚ ምስ ዝርከብ እዩ። ረዚን መስዋእቲ ከፊልና ዘምጻእናያ ነጻ ኤርትራ ብደምን ኣዕጽምትን ሰማእታትና ከም ዝተሓጽረትን፣ በቶም ጀጋኑ ተቐበልቲ ሕድሪ ደቃ ከም እትዕቀብን ጠፊእዎም ማለት ድዩ ! ኣዝዩ ዝገርምዩ ! ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ዋልታን ድርዕን ናይ ሃገሩ ምዃኑ ኣይፈልጡን ማለት ድዩ ? ምናልባት ንኢትዮጵያውያን እታ መሬቶም ማይን ሓመድን እምንን ጥራይ ክህልዋ ይኽእል ይኸውን፣ ንኤርትራውያን ግን መሬት ኤርትራ ብደምን ስጋን ኣዕጽምትን ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራውያ ዝተባዕጠ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ መሬት ኤርትራ ክረግጽ ከሎ ኣብ ኣእምሮኡ ቅጅል ዝብሎ ኣብ ከርሲ እታ ዝረግጻ ዘሎ መሬት ስዉእ ኣዕሪፉ ከም ዘሎን ይደሃዮ ከም ዘሎን እዩ ዝፈልጥ። በዚ ድማ ኣብ ዓሚቑ ዝኸሪ ኣትዩ ንደቓይኞ ብሓሳብ  ተዋሒጡ፣ ኦ መንእሰይ ዝሃብናካ ሕድሪ ከይትርስዕ ! ነዛ ሃገር ሓልዋ ! ኣልምዓያ ! ዝብል ድምጺ ኣብ ኣእዛኑ ይኹሕኵሕ። በዚ እዩ ከኣ ኤርትራዊ ዘይ ከም ካልኦት ንሃገሩን ነጻነቱን ዝትንክፍ ነገር ምስ ዝሰምዕ ብዘይ ነጋሪት ብዘይ ጻውዒት ከም ቆፉኡ ዝተተንከፈ ህዝቢ  ሃገሩ ንምድሓን ዝትንስእ ንጸላኢ ድማ እሳተ ጎሞራዊ ሓዊ ተፊኡ ብምቅጻል ትሕቲ መሬት ዝቕብር። እታ ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ ትብል መዝሙርና ከስምዖም ምፈተኹ ! ህዝቢ ኤርትራ ሓይልና ጽንዓትናዩ ! ክሳብ ለይቲ ሎሚ ተጻብኦ ሓያላን ዓለምና ንዓንዲ ጽንዓትና ከውድቖስ ይትረፍ ክንቕንቖ ውን ኣይከኣለን፣ ሎምን ጽባሕን ውን ኣይክንቕንቖን እዩ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና !!!
ክብርን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !!!